## 1. መእተዊ

ቤት ፅሕፈት ም/ም/ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ክልል ትግራይ ባርዕ ለበዳ ኤች ኣይቪ ኤድስ ዘስዕቦ ዘሎ ጉድኣት ክቅንስ ኢሉውን ክጠፍእ ስትራተጂክ ትልሚ ሓንጺፁ ዝተፈላለዩ ኣንፈት ምክልኻል ፕሮግራማት ኣካቲቱ ኣብ ኩለን ሴክተራት ተዋፊሩ ላዕልን ታሕትን እናበለ ከምዝርከብ ዝፍለጥ እዩ ::

ብምኻኑውን ነቲ ለበዳ ንምቁፅፃር እዋናውን ትኽክለኛ ሓበሬታ ብቀሊሉ ዝርከበሉ ኩነታት ምትዕርራይ ኣገዳሲ እዩ :: እዙይ ማለት ናይቲ ለበዳ መብረሳይነት ማዕረ ክንደየናይ መሰቀቓይ ምኻኑ ናብ ልቢ ዝኣተወ ግንዛበ ኣብ ሕድሕድ ሰብ ተፈጢሩ ኩሉ ሰብ ጉዳይ ለበዳ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ናይ ባዕለይ እዩ ዝብል ናይ ባዓል ዋንነት ስሚዒት ከሕድር ከሎ እዩ ::

ከምዚ ዓይነት ግንዛበን ስሚዕትን ንምፍጣር ዝከኣል ድማ ብደረጃ ዓለም ይኹን ብደረጃ ሃገርናን ክልልናን ዘሎ ብዛዕባ ኤች ኣይቪ ኤድስ ዘረድእ እዋናዊ ሓበሬታ ብቀሊሉ ምርካብ እቲ ቀንዲ መሳርሒ ዩ :: ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዓለምና ብመዳይ ሓበሬታ / INFORMATION / ከም ሓደ ቁሸት ኣብ እትረኣየሉ እዋን ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቂምካ ሕብረተሰብ ነቶም ኣብ ጉዳይ ኤድስ ዘተኮሩ በቢእዋኑ ዝረኣዩ ሓደሽቲ ተርእዮታትን ፍፃመታትን ፈሊጡ ዓርሱ ካብቲ ለበዳ ክከላኸል ምግባር እቲ ዝዓበዬ መፍቲሒ እዩ ::

ብምኻኑውን ቤት ፅሕፈት ም/ም/ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ክልል ትግራይ እዋናዊ ትኽክለኛ ሓበሬታ / INFORMATION / ምርካብ ኣብ ምቁፅፃር እቲ ለበዳ ዘለዎ ግደ ዝዓዘዘ ምኻኑ ተረዲኡ ኣብ ከተማ መቀለ ቀበሌ 18 ኣብ ዝርከብ ግልጋሎት ሳይብረሪ እናሃበ ዝርከብ ናይ መናእሰይ መዘናግዒ ኣዳራሽ ኔት ዎርክ ብምትካል ካብዚ ንኣዲስ ኣበባ ዘራኽብ ገፊሕ / Broad band / ብምዝርጋሕ ሓድሽ ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ / ARC / ከፊቱ ይርከብ ::

እዚ ማዕኸል ሓበሬታ ብኢንተርኔት ፣ ብፅሑፍ ይኹን ብካሴት ወ.ዘ.ተ ዝርከቡ እዋናዊ ትኽክለኛ ሓበሬታ / INFORMATION / ሕብረተሰብ ብቀሊሉ ረኺቡ ክጥቀመሉም ከም ቀንዲ ዕማም / plan / ዘቀመጠ እዩ :: እዙይ ድማ ናይ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ሞያዊ መፅሔታት ፣ ፖሊስታት ፣ መምሪሐታት ፣ ማንዋላት ፣ ከምኡውን ካልኦት ጠቀምቲ ሰነዳት ፣ ብሓፈሽኡ ሳይንሳዊ መጣቀስቲ መፃሕፍቲ ፣ በረርቲ ፅሑፋት ፣ቪድዮ ካሴት ፣ ናይ ድምፂ ካሴት ፣ ፖስተራትን ካልኦት ናይ ሐበሬታ ቁሳቁስ ተጠቃማይ ብቀሊሉ ንምርካብ ዘተኣናግድ እዩ ::

## 2. ሓፈሻዊ ዓላማ

ሕብረተሰብ ነቶም ኣብ ጉዳይ ኤድስ ዘተኮሩ በቢእዋኑ ዝረኣዩ ሓደሽቲ ተርእዮታትን ፍፃመታትን ፈሊጡ ዓርሱ ካብቲ ለበዳ ንኽከላኸል ክኽእል ብኢንተርኔት ፣ ብፅሑፍ ይኹን ብካሴት ወ.ዘ.ተ ዝርከቡ እዋናዊ ትኽክለኛ ሓበሬታ

/ INFORMATION / ካብቲ ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ / ARC / ብቀሊሉ ብምርካብ ተጠቃማይ ክኸውን ምግባር ።

## 3.ራዕይ

ሳዕቤን ለበዳ ኤች ኣይቪ ኤድስ መብረሳይነቱን ኣብ ሕድሕድ ሰብ እኹል ሓበሬታን ግንዛቤን ተፈጢሩ ነቲ ሕማም ዓርሱ ዝከላኸልን ዝቆፃፀርን ሕብረተሰብ ምርኣይ ።

## 4. እቲ ማዕኸል ንተጠቀምቲ ዝህቦ ዝርዝር ግልጋሎት

### 4.1 ኣብቲ ማዕኸል ሓበሬታ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ኣካላት

ብዛዕባ ኤች ኣይቪ ኤድስ ፣ ብርክብ ግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ካልኦት ምስዚ ዝተታሓሓዙ ጉዳያት ንፍላጥን ንምርዳእን ዝደለየ ዝኾነ ሰብ ነቲ ማዕኸል ሓበሬታ ምጥቃም ይኽእል ።

እቲ ማዕኸል ግልጋሎት ዝህቦም ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ንዝርከበቡ ተካላትን ግለሰባትን እንትኾኑ ንሳቶም ድማ:-

- መንግስታዊ ትካላት
- መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት
- ጋዜጠኛታትን ቃል አቀበልትን
- ትካላት ጥዕናን ሰብ ሞያ ጥዕና
- መራሕቲ ማሕበራትን ፣ ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ትካላትን
- ዩኒቨርስትን ፣ ካልኦት ናይ ትምህርትን ምርምርን ተቋማት
- ተመሃሮን ተመራመርትን
- መላእ ሕብረተሰብ እዮም

### 4.2 ማዕኸልና ምስ ጋዜጠኛታት ዝህልዎ ርክብ

ብኤች ኣይቪ ኤድስ ፣ ብርክብ ግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ካልኦት ምስዚ ዝተታሓሓዙ ጉዳያት ብዝምልከት ብመረዳእታ ዝተደገፈ ናይ ሚድያ ፀብፃብ ዝረኽብሉ ኩነታት ብምትዕርራይ ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ትኽክለኛ ሓበሬታ / INFORMATION / ካብ ዘተዘርገሐ ኮምፒዩተር ሲ ይስተምን መስመር ኢንተርኔት ተጠቀምቲ ብምኻን ሕብረተሰብ እዋናዊ ሓበሬታ ክረክብ ምግባር ።

### 4.3 ማዕኸልና ምስ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ / ARC / ዝህልዎ ርክብ

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ሓበሬታ / INFORMATION / ፍልፍል ብዋናነት ዘገልግል እዩ ። ብምኻኑውን ናይ ቤት ፅሕፈትና ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ ምስ ናይ ኣዲስ ኣበባ ብስልኪ ይኹን ብኢንተርኔት ናይ ቀረባ ርክብ ብምፍጣር ንማዕከልና ሓገዝቲ ዝኾኑ ናይ / / መሳርሒታትን ካልኦት ቴክኒካዊ ሓገዛት ዝረኸበሉ ባይታ ኣመቻቺኻ ብምምኽኻር ስራሕትኻ ምስላጥ ።

### 4.4 ማዕኸልና ምስ ናይ ክልልና ወረዳታትን / ኩለን ሴክተራትን / ዝህልዎ ርክብ

ብቤት ፅሕፈትና ዝተጣየሸ ማዕኸል ሓበሬታ ኤድስ ኣብ ክልልና ናይ ሓበሬታ / INFORMATION / ፍልፍል ብዋናነት ዘገልግል እዩ ። ስለዝኾነውን እቲ ማዕኸል ብዛዕባ ኤች ኣይቪ ኤድስ ፣ ብርክብ ግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ካልኦት ምስዚ ዝተታሓሓዙ ጉዳያት ዝጥምቱ ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ትኽክለኛ ሓበሬታ / INFORMATION / ዝረኽብሉ ኩነታት ኣማዓራሪኻ እዋናዊ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ናይ ፅሑፍ ፣ ካሴትን ሲዲ ወ.ዘ.ተ ሕትመታት ብምትእንጋድ ስጡም ዝምድና ምምስራት ።

### 4.5 ግልጋሎት ዌብ ሳይትን ኢ ሜይል

ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ተጠቀምቲ ብዛዕባ ኤች ኣይቪ/ ኤድስን ካልኦት ተዛመድቲ ኣዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ዘኽእል ዌብ ሳይትን ኢ ሜይልን ንተጠቀምቲ ከም ኣድላይነቱ የተኣናግድ ።



Tig HAPCO/ARC